# ዓርቢ ስቕለት

## ሚያዝያ 23 2016 ዓ.ም. (5/03/2024)

ንባባት፡- ኢሳያስ፡52፡13-53፡12፡ ዕብራውያን 4፡14-16 5፡5-9 ዮሓንስ 18፡1-19፡42

ዓርቢ ስቕለት ኣብ እምነትና ፍሉይ ተዘክሮን ተሳትፎን ዘልኦ ኣብ መድሓኒና ዘሎና ፍሉይ ፍቕሪ እንገልጸላ ፍልይቲ ዕለት እያ። ፍሉይ ዝገብራ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ብሕማማቱን ሞቱን ፍሉይ ትርጉም ስለ ዝሃባ እዩ። ክርስቶስ ብሕማማቱን ሞቱን ንደቅሰብ ሓዲስ ምዕራፍ ርክብ ምስ ኣምላኽ ፈጢሩልና እቲ ብሰንኪ ውድቀት ቀዳሞት ወለዲ ጸንኪሩ ዝነበረ ርክብ ፍጡርን ፈጣርን ብፍሉይ መገዲ ብሞት ክርስቶስ ኣብ ሓዲስ ምዕራፍ ኣትዩ።

ኣብ ነቢይ ኢሳያስ ንሱ ግና ብሰሪ ገበና ቆሰለ፡ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ ንሕንውን ብስምብራቱ ሓወና ኩላትና ኸም ዝተባረራ ኣባግዕ ነበርና ነፍሲ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ እግዚኣብሔር ከኣ ኣበሳ ኹላትና ኣብኡ ኣውደቖ” ይብል (ኢሳ 52፡ 5-6)፡- ክርስቶስ ኣብ መስቀል ንኹሉ ቅሉዕ ኮነ። እዚ ኸኣ ኩሎም ፍቕሪ ኣምላኻ ርእዮም ምእንቲ ክኽእሉ ዝኾነ እዩ።

ኣብ ግዜ ብሉይ ኪዳን ደም ምስ ምንጪ ሕይወት ዝተተሓሓዘ እዩ ነሩ። እቲ ዝኸበረ መባእ/መስዋዕቲ ንኣምላኽ ዝቐርብ ዝነበረ ደም እዩ፡ ኣብርሃም ንወዱ ክስውዕ ተሓቲቱ። ኣብ ዳሕረዎት ዘመናት ደቂ ሰብ ነቲ ዝቐርብ መስዋዕቲ እንስሳ ጥራሕ ክኸውን ወሲኖሞ፡ ኣብ ግዜ ኢየሱስ እንተ ረኣና ከባቢ ቤተ መቕደስ ብእንስሳታት ምሉእ ነሩ ካህናት ምሉእ ግዚኦም ኣብ መስዋዕቲ ምዕራግ ይሕልፍዎ ነበሩ እቲ ከባቢ ናይ ዕዳጋ ቦታ ኮይኑ ነበረ በዚ እዩ ኢየሱስ ካብ ከባቢ ቤተመቕደስ ዝሰጎጎም። ብመስዋዕቲ ናብ ኣምላኽ ይቀርቡ ብዝያዳ ሕድገት ሓጢኣትን ምሕረት ኣምላኽ ረኺቦም ኣፍደገ ኣምላኽ ይኸፈተሎም ነበረ። ስቓይን ሞትን ኢየሱስ ዝለዓለ መስዋዕቲ ኮይኑ ቀሪቡ በጃ ብምዃን ነብኡ ዕግበት ንኣና ኸኣ ድሕነት ኣምጽኣልና።

ስለዚ መስዋዕቲ ክርስቶስ ኣምላኽ ናባና ክቐርብን ክዕረቐናን ዝኾነ እዩ። ኢሳያስ ነዚ ክገልጽ ንሕና ኣብ ዝለዓለ ርክብ ኣምላኽ ምእንቲ ክንኣቱ ንኹሉ ስቓይና ተቐበለ ይብል። ንሱ ንሕማምና ጾሮ ንስቓይና ኸኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ (ኢሳ፡ 52፡4)። ምእንቲ ኻልእ በጃ ምዃን ኣእምሮ ደቅሰብ ክንርድኦ ጽንኩር እዩ ክርስቶስ ብሞቱ ነዚ እዩ ኣርእዩና። ንሱ ብገዛእ ፍቓዱ ክዋረድ፥ ክሳቐ ክመውት ኣፍቂዱ ምእንቲ ካልኦት።

ክርስቶስ ኣብ ዕለተ ዓርቢ መስዋዕቲ ጥራሕ ኣይኮነን ኾይኑ ንሱ ሊቀ ካህናት ኮይኑ ንመስዋዕቲ ኣዕሪጉ። ምኽንያቱ ከኣ ንሱ ካባና ሓደ እዩ፥ ንመብዝሕትኡ ድኽመታትና ጸርዎ። ብናቱ መስዋዕቲ ንሕና ብዘይ ዝኾነ ሞራላዊ ወቐሳ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከምንቐውም ገሩና። ኣብዚ ክቡር ዕለት ክርስቶስ ጉዕዞ ቐራንዮ ብሓጎስ ተቐቢሉ መሰል ውልዱነት ዘውሃበና ንዝክር። ነዚ ብፍሉይ ክንርድኦ ኣብ ታሪኽ ክርስትና ብዙሓት ሰባት ብዝተፈላለየ መግዲ ገሊጾሞ። ንኣብነት መል ጊብሶን ስቓያት ክርስቶስ ዝብል ፊልም፡ ኢየሱስ ናዝራዊ ናይ ዜፈረሊ ነዚ ይገልጹ።

ቅ. ዮሓንስ ኣብ ወንጌሉ ፍሉይ ርድኢት ስቕለት ክርስቶስ ይነግር።ኣብ ምዕ 18-19 ንሕማማት ክገልጽ እንከሎ ብሰለስተ ክፍሊ ክንርእዮ ንኽእል። ፩ ምትሓዝ ኢየሱስን ሕቶ ብሊቀ ክህናት (18፡1-27) ፪ ፍርዲ ኣብ ቅድሚ ጲልጦስ (18፡ 28!19፡16) ፫ ስቕለት፡ሞት፡ ቀብሪ (19፡16-42)። ዮሓንስ ናይ ኢየሱስ ምጨርሽታ ስዓት ይገልጽ ክሕደት፡ምትሓዝ፡ ስቕለት፡ቀብሪ። ናይ ዮሓንስ ካብ ናይ ካልኦት ወንጌላውያን ፍሉይ እዩ፡ 1. ስዓት ኢየሱስ ናይ ዓወት ስዓት እያ፡ ኩሉ ኢየሱስ ዝገበሮ ፈሊጡ ከምዝገበሮ ይገልጽ። ስዓት እንክብል እንከሎ ናይ ኢየሱስ ትንሣኤን ግርማን ይገልጽ። እዚ ኸኣ ብመገዲ መስቀል እዩ። ኣብዚ ግዜ ኢየሱስ ምሉእ ምልኪ ርእሱን ንዝገብሮ ብምሉእ ድለትን ኣፍልጦን ይገብሮ ነሩ። 2. ንዮውሓንስ ኩሉ ኢየሱስ ዝገብሮ ዝነበረ ካብ መጀምርያ ካብ ግዜ ትስብእቱ ጀሚሩ ሕይወቱ፡- ሞቱ ትንሳኤኡን ዕርገቱን ዝሓዘ እዩ ነሩ። ኣብ ግዜ ዓርቢ ስቕለት ዝፍረዱ ዝነበሩ ጲላጦስን ዓለምን

እዮም። ኢየሱስ ፈራዳይን ፍርዲ ዘሕልፍ እዩ ዝነበረ። ንኻልኦት ወንጌላውያን ኢየሱስ ግንሸል ስቓይ ዝኾነ እዩ። ንዮሓንስ ግን ኩሉ ኢየሱስ ዝገብሮ ዝነበረ ብድላዩ እዩ። ነቲ ጽዋእ መስውእዕቲ ብድላዩ እዩ ሰትይዎ። ኣብ ሞት ሓጎስ ርእዩ ብቋንቋ ድቂ ሰብ ክትገልጾ ጽንኩር። ነዚ ርኢና፦

ዓርቢ ስቕለት ሎሚ ንኣይ እንታይ መልእኽቲ ኣልኦ? ኣብ መዓልታዊ ሕይወተይን ኣብ ኩሉ መስቀል እንታይ ትርጉም ኣልኦ? ክርስቶስ ብመስቅል ኣብ ትንሣኤን ዕርገትን በጺሑ፣ንሕና ኣብ ኢየሱስ እንኣምን ነዚ ኣብ ሕይወትና ከመይ ገርና ክንትርጉሞ ንኽእል።

ንሕና ኣርድእቲ መስቀል ኢና። ኣብ መስቀል ዝኣምን በዚ ዝስዕብ ይጉዓዝ፦

1. ኩሉ ክስዕበኒ ዝደሊ መስቀሉ ጸሩ ይስዓበኒ (ማር 8፥34) መስቀል ሽልማቱ እዩ።
2. ንኣይ ይጥዓመኒ ዝብል ትምህርቲ ዓለም ይጻረር ንመስቀል ትርጉም እምነት ይህቦ።
3. ኢየሱስ ስቓይ ከቃልል ኣይመጸን እንታይ ድኣ ክቕይሮ። ንዝኻነፈና ዕለታዊ መስቀል ትርጉም ድሕነት ንህቦ።

ቅዱስ መጽሓፍ ትርጉምን ሓይሊ ንክርስቶስ ምምሳልን ናይ ንጸላእትና ምቕባልን፣ ትርጉም ስቓይን ይነግረና።

1ጴጥሮስ 2፥21፦ ሠናይ እናገበርኩም መከራ እንተ ተዓገስኩም ግና እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል እዩ። ንስኻትኩምውን ነዚ ኢኹም ዝተጸዋዕኩም ክርስቶስ ድማ ኣሰርኣሰሩ ምእንቲ ኽትስዕቡ ኢሉ ምእንታኹም መከራ ተቐበለ ኣርኣያ ሓደገልኩም። ስቓይ ትርጉም መልእኽቲ ኣልኦ። ስለዚ ትርጉሙ ክንፈልጥ ጻዕሪ የድልየና።

ቆላስያስ 1፥24፦ ሕጂ ኸኣ ምእንታኻትኩም ብምስቓየይ እሕጎስ ኣሎኹ ምእንቲ እታ ሰብነቱ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ክኣ ነቲ ኻብ ስቓይ ክርስቶስ ዝተረፈ ብሥጋይ እምልእ ኣሎኹ”። ስቓያትና ንኻልኦት ክሕግዝ ይኽእል እዩ። ምእንቲ ኻልኦት ክርህዎም ምስቓይ ናይ ክርስቶስ ኣብነት ምኽታል እዩ።

2ቆሮንጦስ 12፥8-10፦ ነዚ ሥቓይዚ ካባይ ኣርሕቆ ኢለ ንጎይታ ሰለስተ ሳዕ ለመንክዎ ንሱ ኸኣ ኃይለይ ኣብ ድኻም እዩ ዚግለጽ እሞ ጸጋይ ይኣኽለካ በለኒ ስለዚ ሓይሊ ክርስቶስ ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ኺሓድር ብብዙኅ ታሕጓስ ብድኻመይ ክምካሕ እየ እምብኣር ምስ ዝደክም ሽው እየ ዝብርትዕ እሞ ምእንቲ ክርስቶስ ኢለ ብድኻም ብፈርሒ ብኅሳር ብስደት ብጸበባ እሕጎስ ኣሎኹ። መጠን ዝተሳቐናዮ መጠኑ ከኣ ትርጉም መልእኽቲ ኣምላኽ ክንፈልጥ ንኽእል።

ንመከራ ምቕባል ማለት ንሕና ንኽፉእ፣ ንቓንዛ፣ ወይ ንዝወረደካ ሱቕ ኢልካ ምቅባል ገለ ዝይምግባር ማለት ኣይኮነን። እቲ ሓቀኛ ትርጉም ኢየሱስ ኣብ ገተሰማኒ ዝሃቦ መልሲ እዩ። ማለት ንኹሉ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ኣዛሚድካ ምርኣይ። ትርጉም ክንፈልጥ፣ ምኣስ ከም ንምልስ ክንፈልጥ ክንልምን፣ ክንጽሊ ኣሎና።

ኣብ ዕለተ ዕርቢ ክርስቶስ ትርጉም ሞቱን ክንኮኖ ዝግብኣና ኩሉ ምሂሩና። ምምሓር፣ ኣብ ጽንኩር ኩነታት ጽንዓት እምነት፣ ብዙሕ ዝኻነፈና ጸበባ ምስ ድለት ኣምላኽ ክነዛምዶን ትርጉም ክንህቦን እሞ ፍቓድካ እምበር ፍቓድይ ኣይኹን ክንብል። ካባና ዝድለ እምብኣር ኣብ ግዜ ፈተና ኣብነት ኮንካ ምኽኣል።

ኣብ ጉዕዙ ትንሳኤ ኢና ዘሎና ንክርስቶስ መምህርና ሞት ስቓይ ካብ ጉዕዝኡ ኣይ ዓገቶን ንኣና እውን ዝኻነፈና ኩሉ ኣወጊድና ሎሚ ምስ ክርስቶስ ምእንቲ ክንትንስእ ምስኡ ስቓይ ንቀበል ምስኡ ሞትና ንሓዲስ ጉዕዚ ሕይወት ንሰናዶ።

ምእንታና ደሙ ዘፍሰሰ ክርስቶስ ብድሙ ኃጢኣትና ደምሲሱ ርሑስ ትንሣኤ ይግበረልና ፍቕርን ሰላም ይሃበና።

ኣባ ንጉሠ ፍስሓ